# ብምኽንያት ናይ መንሸሮ ጥርጣረ ክንምርምረኪ/ካ ደሊና ኣለና



## 1 ክምርመር ዘለዎ ምልክት ሕማም ኣለኪ/ካ

ገለ ካብ'ቶም ሽግራትኪ/ካ ወይ መልሲ ምርመራ ብሰንኪ መንሸሮ ወይ ካልእ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ግድን መንሸሮ ክኸውን የብሉን፡ ግን ነቲ ምኽንያት ንምፍላጥ ዝያዳ ምርመራታት የድልዩ እዮም።

## 2 ንሓደ ሓድሽ ምብጻሕ ኣብ ቀረባ ግዜ ምሳኺ/ኻ ርክብ ክግበር እዩ

ሽዑ ቌጻራ እንተ ዘይተዋሂቡኪ/ካ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣገልግሎት ሕክምና ምሳኺ/ኻ ርክብ ክገብሩ እዮም። ንሓኪምኪ/ካ ብኸመይ ክራኽቡኺ/ኻ ከም ትደልዩን/ይን ኣስተርጓሚ ዘድልየኪ/ካ እንተ ኼይኑን ሓብርዮ/ሮ። ኣገልግሎት ሕክምና መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ቍጽሩ ዘይርኣ ተለፎን እዮም ዝድውሉ። ከምኡ'ውን ቌጻራ ብደብዳቤ ክመጻኪ/ካ ይኽእል እዩ።

## 3 እቲ ምርመራ ይጅምር

ክሊኒክ ፍሉይ ክእለት፡-.................................................................................................................................................

ምርመራ፡-.................................................................................................................................................................

## 4 ድሕሪ ምርመራ

ኣብ ቀጻሊ ምብጻሕ መልሲ ናይ'ቲ ምርመራ ይወሃበኪ/ካ። እዚ ኣብ ክሊኒክ ፍሉይ ክእለት ወይ ሓደ ማእከል ክንክን ጥዕና ክኸውን ይኽእል። መሰነይታ ሓደ ዘመድ ወይ ካልእ ዝቐረበኪ/ካ ሰብ ተማልኢ/ላእ።

### መንሸሮ ኣይኮነን ኔይሩ

መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ምርመራ መንሸሮ ከም ዘይኮነ እዩ ዘርኢ። እቲ ሕጂ ዝፍጸም፡ እቲ ምርመራ እንታይ ከም ዘርኣየን ኣየናይ ሕክምና ከም ዘድልየክን/ካን እዩ ዝውስኖ።

### ጌና ናይ መንሸሮ ጥርጣረ ኣሎ

እንተ ኣድልዩ ንስኽን/ኻን ናይ ሕክምና ሰራሕተኛታትን ንዝያዳ ምርመራ መደብ ትገብሩ። እቲ ምርመራ ድሮ ተወዲኡ እንተ ኾይኑ ብዛዕባ ሕክምና ትመያየጡ። ሓደ ጕጅለ ክኢላታት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ሕክምና ምኽሪ ኣብ ምሃብ ይሕግዙ። ብዝተኻእለ ብቕልጡፍ ሕክምና ክትጅምሪ/ር ትኽእሊ/ል ኢኺ/ኻ።

### ርክብን ተወሳኺ ሓበሬታን

ሕቶ እንተ ኣለኪ/ካ ኾይኑ ወይ ተሻቒልኪ/ካ ኣለኺ/ኻ ኼንኪ/ካ ምስ ናትኪ/ካ ማእከል ክንክን ጥዕና ተራኸቢ/ብ። ከምኡ'ውን ኣብ 1177.se ብዝይዳ ብዛዕባ መንሸሮ ከተንብቢ/ብ ትኽእሊ/ል ኢኺ/ኻ።

### ኣገልግሎት ሕክምና ናይ መጸበዪ ግዜ የሕጽሮ ኣሎ

ኣብ ሕክምና መንሸሮ ዘሎ ናይ ምጽባይ ግዜ ምእንቲ ክሓጽር ሓደ ሓድሽ ናይ ስራሕ ኣገባብ ተዳልዩ ኣሎ። እቶም ምርመራታት በቲ ሓድሽ ኣገባብ ይግበሩ፡ እዚ ድማ ንስኺ/ኻ ከም ሕምምቲ/ሕሙም መጠን ኣበየናይ ቦታ ናይ'ዚ ሃገር ከም ዘለኺ/ኻ ብዘየገድስ ማዕረ ሕክምና ክትረኽቢ/ብ ኣለኪ/ካ ማለት እዩ። ብተወሳኺ ኣብ 1177.se/vardforlopp ከተንብቢ/ብ ትኽእሊ/ል ኢኺ/ኻ።

REGION SKANE